Eritreischer Verein fuer Koerperbehinderte
In Stuttgart e.V.
Olgastr. 63, 70182 Stuttgart
Tel. (49) 711-2361609 Fax: (49) 711-2361613
www.eri-behinderte.de
Email: info@eri-behinderte.de

ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ኣብ ሽቱትጋርት
ጀርመን

# ሓገዝን ደገፍን ኣብ ኵናት ንዝሰንከሉ ኤርትራውያን ኣሕዋትና

ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ኣብ ስቱትጋርት (Eritreischer Verein für Körperbehinderte in Stuttgart e.V.) ኣብ 2001 ዝቖመ ነጻን ዘይመንግስታውን ማሕበር ኮይኑ፣ ንስንኩላን ኵናት ኤርትራ ንምሕጋዝ ጻዕርታት የካይድ።

ማሕበር ስንኩላን ኵናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኵ.ተ.ኤ.) መንገዲ ውሕስነት መጻኢ ህይወት ስንኩላን ኵናት ተጋደልቲ ኤርትራ ንምርግጋጽ ኣብ ጥቅምቲ 1993 ዝቖመ ነጻን ዘይመንግስታውን ማሕበር ኮይኑ፣ ማሕበራውን ኤኮኖምያውን ሽግራት ንምፍታሕ ይሰርሕ። ቀንዲ ዕላማታት ናይዚ ማሕበር ድማ፣

1. ሰብኣዊ ኽብሪ ስንኩላን ኵናት ተጋደልቲ ምሕላውን ምጥባቕን።
2. ብቑዕ ሕክምናዊ፣ ሞያዊ፣ ስራሕ፣ ማሕበራውን ስነ ኣእምሮኣውን ኣገልግሎት ንኽረኽቡ ምጽዓር።
3. ነቶም ብምኽንያት ስንክልንኦም ፍሉይ ትምህርቲ፣ ስልጠናን ሓገዝን ተዋሂብዎም ንኽሰርሑ ወይ ርእሶም ንዘይክእሉ ብቑዕ ኣገልግሎት ከም ዝረኽቡ ምግባር።
4. ሕብረተሰብ ይኹን ስንኩላን ብዛዕባ ስንክልና ቅኑዕን ሰፊሕን መረዳእታ ንኽህልዎም ምጽዓር።
5. ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ወጻኢ ምስ ዝርከባ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ማሕበራት፣ ትካላትን ውልቀሰባትን ርክባት ብምግባር ዘድሊ ሓገዛት ዝርከበሉ ኵነታት ምፍጣርን ዝምድና ምምስራትን።

እምበኣር፣ ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ኣብ ስቱትጋርት ምስ ማሕበር ስንኩላን ኵናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኵ.ተ.ኤ) ብምትሕብባር፣ ብማሕበር ስንኵላን ኵናት ተጋደልቲ ኤርትራ ዝወጸ ፕሮጀክት ኣብ ምትግባር ይርከብ። እዚ ፕሮጀክትታት እዚ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ኤርትራ፣ ስንኩላን ነብሶም ዝኽእልሉ ትካላት ምቛም እዩ። እዞም ኣካለ ስንኩላን ተጋደልቲ፣ ናይዘን ትካላት ወነንቲ ጥራሕ ዘይኮኑስ፣ ሰራሕተኛታት እውን እዮም።

ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ወራር ወያነ፣ ሃገር ንምክልኻል ዝሰንከሉ ብቑጽሪ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት፣ ተወሳኺ ጾር ነዚ ማሕበር ስለ ዝኾኑ፣ ኩሉ ኤርትራዊ ሓልዮትን ደገፍን ከበርክተሎም ቅዱስ ተግባር ስለ ዝኾነ፣ ስንኩላንና ጽግዕተኛታት ከይኮኑ፣ ነብሶም ክኢሎም ንኽነብሩ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክሕገዙ ይግባእ።

በዚ መሰረት ድማ፣ ማሕበርና፣ ማሕበር ስንኩላን ጨንፈር ጀርመን ምስ ማሕበር ረድኤት (EHD) ብምትሕብባር፣ ኣብዘን ዝሓለፉ ሒደት ኣዋርሕ ጥራይ፣ ንማሕበር ስንኩላን ኵናት ተጋደልቲ ኤርትራ፣ ዝተፈላለየ ንስንኩላን ዘገልግል ናይ ልዕሊ 250.000 Euro ኣቑሑ ናብ ኤርትራ ልኢኹ።

ስለዚ፣ ዝኸበርክን ኣዴታት፣ ዝኸበርኩም ኣቦታት ከምኡ'ውን ኣሓትን ኣሕዋትን፣ እዞም በጃ ህዝቦምን ሃገሮምን ሰንኪሎም ዘለዉ፣ ተሃድሶ ምሃብ ቀንዲ ሓላፍነትናን ግቡእናን ምዃኑ ብምዝካር፣ ኣብዚ ቅዱስ ዕላማ ክትተሓባበሩና ንዕድም።

ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ኣብ ስቱትጋርት (ጨንፈር ጀርመን)
ዓወት ንሓፋሽ